# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ደርሆን ዓረዛዝነን

Skriven av: Winny Asara
Illustrerad av: Magriet Brink
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0/deed.sv

# ደርሆን ዓረዛዝነን

Winny Asara
Magriet Brink
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 3

(utan bilder)

ደርሆን ዓረዛዘነን መሓዙት እዮም ኔሮም። እንተኾነ ግና ኵሉ ግዜ ንሓድሕዶም ይወዳደሩ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ መኖም ዝበለጸ ተጻዋታይ ከምዝኾነ ንምርኣይ ኲዕሶ እግሪ ክጻወቱ ወሰኑ።

ናብቲ ሜዳ ኵዑሶ እግሪ ብምኻድ ግጥሞም ጀመሩ። ደርሆ ፈጣን እያ ኔራ፡ ዓረዛዘነ ግና ካብኣ ይቕልጥፍ። ደርሆ ኣርሒቓ ቐሊዓ፡ ዓረዛዘነ ግና ካብ ናታ ዝርሕቕ ቀሊዑ። ደርሆ ገንጨርጨር ክትብል ጀመረት።

ውሳነ ፍጹም ቅላዕ ክጻወቱ ደምደሙ። ደርሆ ሓንቲ ሽቶ ጥራይ ኣመዝጊባ። ሽዑ ደርሆ ሽቶ ናይ ምክልኻል ተራኣ በጺሑ።



ካብታ ግዜ ጀሚሮም፡ ደርሆን ዓረዛዘነን ጽልእ እዮም።

ደርሆ ክሳብ ነቲ ኣብ ከስዐኣ ዝነበረ ዓረዛዘነ ኡሑእ ኢላ ተውጽኦ ሰዓል ንሰዓል ኮይና። ኣደ ዓረዛዘነን ወዳን ንኽሕብኡ ፍሕኹ እናበሉ ኣብ ገረብ ደዬቦም።



ዓረዛዘነ ነታ ኲዕሶ ቀሊዑ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ በታ ኲዕሶ ኣሸኪዑ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ ኲዕሶ ብርእሱ ሃሪሙ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ዓረዛዘነ ሓሙሽተ ሸቶታት ኣመዝገበ።

ደርሆ ብምስዓራ ሓሪቓ። ኣዝያ ሕማቕ ሰነፍ እያ። ዓረዛዘነ መሓዝኡ ከምዚ ኢላ ስለዝተረበጸት ክስሕቕ ጀመረ።



ደርሆ ጐሲዓ። ሸዑ ጥፍጣፋ ውሒጣ ዓኽ ጡፍ ኢላ። ብድሕሪኡ ሃንጢሳ ስዒላ። መሊሳ ስዒላ። እቲ ዓረዛዘነ ከፈንፍነካ መዓት’ዩ!

ኣደ ዓረዛዘነ ከምዚ ክትብል ጨደረት፡ “እቲ ፍሉይ ሓይልኻ ተጠቀመሉ ‘ዝ ወደይ!” ዓረዛዘነታት ሕማቕ ሽታን ግናይ መቐረትን ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ደርሆ ሕማም ክስመዓ ጀሚሩ።



ደርሆ ካብ ምሒር ሕርቃን ኣፋ ሃህ ኣቢላ ብምኽፋት ንዓረዛዘነ ወሓጠቶ።

ደርሆ ንቤታ እናተመልሰት ከላ፡ ምስ ኣደ ዓረዛዘነ ተራኺባ። ኣደ ዓረዛዘነ ከምዚ ክትብል ሓቲታታ፡ “ወደይ’ዶ ርኢኺ?” ደርሆ ኣይመለሰትን። ኣደ ዓረዛዘነ ተሻቐለት።



ሽዑ ኣደ ዓረዛዘነ ቀጢን ድምጺ ሰሚዓ። እቲ ድምጺ፡ “ኣደይ ሓግዝኒ!” ኢሉ ዝውጭጭ እዩ ኔሩ። ኣደ ዓረዛዘነ ኣብ ዙርያኣ እናደለየቶ ብጥንቃቐ ኣዳመጸት። እቲ ድምጺ ካብ ውሽጢ እታ ደርሆ እዩ ወጺኡ።